# ናይ ሞንጎ ሽንቲ (MSU) መርኣያ ብኸመይ ከም ዝእከብ

## ናይ ጓል ኣንስተይቲ ሜላ መሸኒ ንዘለወን ዝዓበያ ህጻናት፣ መንእሰያትን ዓበይቲን

### ሓፈሻዊ ነጥብታት

**ኩሉሳዕ ሽንቲ ቅድሚ ምእካብክን** ኩነ ብድሕሪኡ ኣእዳውክን **ብሳሙናን ብማይን ተሓጸባ።**


**ነቲ መርኣያ ኽትእክባ ድሉዋት ክሳዕ እትኾና** ነቲ ዝመኸነ መትሓዚ ኣይትኽፍትኦ።

**ንውሽጢ ናይቲ መትሓዚ ኣይትተንክፉ፣** ከምኡ`ውን ንዝኾነ ክፋል ናቱ ብልዕትኽን ከም ዘይትንክፍ ግበራ።

**በዓል ሙያ ክንክን ጥዕና ሓቲትክን እንተነይሩ፡** ነቲ መርኣያ ቅድሚ ምእካብክን ነቲ መትሓዚ ምልክት ግበራሉ ወይ ለጥፋሉ።

## ናይ ሞንጎ ሽንቲ መርኣያ ንምእካብ

1



መኽደኒ ናይቲ
መትሓዚ እለዪኦ እሞ ኣብ
ጽሩይ ስፍራ፡ ናይ ውሽጡ
ንላዕሊ ከም ዝጥምት
ገይርክን ኣቐምጥኦ።

2



ሓደ ኢድክን
ነቲ ላቢያ (ኣብ ኣፍደገ
ርሕሚ ዝርከብ
ዝተዓጸፈ ቈርበት) ንምኽፋት
ተጠቀማ እሞ ተኸፊቱ
ከምዝጸንሕ ግበራ።

3




ናብ ሽቓቕ ምሻን
ጀምራ (ነቲ ናይ መጀመርታ
ሽንቲ ኣይትኣክበኦ)። ምሻን
ከየቋረጽክን፡ ነቲ መትሓዚ
ናብቲ ዋሕዚ ኣቕሪብክን ናይ
ሽንቲ መርኣያ ዝኸውን ውሰዳ።

4



ብዝተከኣለ መጠን መሊኡ
ከይፈሰሰ፡
ወይ ናይ ዓቐን ምልክት
እንተሃልዩ ኣብኡ ክሳእ ዝበጽሕ
ብዙሕ ሽንቲ ምልኦኦ። ናብቲ
ሽቓቕ ኣቕኒዕክን ምሻን ወድኣ።

5



ነቲ መኽደኒ
ኣብቲ መትሓዚ ኣቐምጣ እሞ
ኣጸቢቕክን ዕጸውኦ። እቲ
መትሓዚ ብደገ እንተደኣ
ጠልቅዩ ማይ እናፍሰስክን
ኣጽርዮኦን ኣንቅጽኦን።

6



ነቲ ናይ ሽንቲ መርኣያ ምስ ዝኾነ
ክትመልእኦ ዝተሓተትክን
ቕጥዒ ወይ መለለዪታት
ብዝተኻኣለ መጠን ብቕልጡፍ
ናብ ክንክን ጥዕና ወሃቢኽን
ውሰዳ። ኣብ ገጽ 2 ንዘሎ
ሓበሬታ ሰዓብ።

## ጽማቔ ሓበሬታ

**መርኣያ ናይ ሞንጎ ሸንቲ እንታይ እዩ?** መርኣያ ናይ ሞንጎ ሸንቲ፡ እናተሸነ እንከሎ ኣብ ሞንጎ ሸንቲ ምውሳድ ማለት እዩ።

**ስለምንታይ ናይ ሞንጎ ሸንቲ ክእክብ የድልየኒ?**

ምሻን ምስ ጀመርኪ ዘሎ ዋሕዚ ናይ ሸንቲ ጀርምታት ካብ ቈርበት ኪልክም ይኽእል እዩ እዚ ድማ ነቲ ዝግበር መርመራ ውጽኢት ኪጸሉ ይኽእል እዩ። ኣብ ሞንጎ ዋሕዚ ሸንቲ መርኣያ ምውሳድ ነዚ ከወግድ ይኽእል ከምኡውን ዝያዳ ትኽክለኛ ውጽኢት ኪህብ ይኽእል።

**መርኣያ ቅድሚ ምእካበይ ከብቢ ብልዕተይ ምጽራይ የድልየኒ ድዩ?**

ሰብ ሞያ ክንክን ጥዕና ኺትጥቀማ እንተዘይነጊሮምኽን፡ ፍሉይ መሐበሲ ወይ ፍርያት ናይ ጽሬት ምጥቃም ኣየድልየክንን። ጥራይ እቲ ከባቢ ጽሩይን ንቑጽን ከም ዝኸውን ግበራ።

**ናይ ገዛ ጣሳ ወይ መትሓዚ ኽጥቀም እኽእልዶ?**

በዓል ሞያ ክንክን ጥዕና ናቲ መርኣያ ኽትእክባሉ ንዝሃበክን መትሓዚ ጥራይ ተጠቀማ።

**ነቲ መርኣያ ዝእክበሉ ግዜ ኣገዳሲ ድዩ?**

ዝበለጸ ጽፉፍ መርኣያ ምእንቲ ኪትረኸባ ብዝተከኣለ መጠን ቈጸራኽን ኣብ ዝተቓረበሉ ግዜ ነቲ መርኣያ ክትእክባ ፈትና። እንተኽኢልክን ኣንቲ ባዮቲክስ ቅድሚ ምውሳድክን ነቲ መርኣያ ክትወስዳ ፈትና።

**እዚ መስርሕ ክቕየር ዝኽእለሉም ኩነታት ኣለዉ ድዮም?**

ሓደ ሓደ ግዜ ክንክን ጥዕና ዝህበክን ኣካል፡ ነቲ ናይ ሸንቲ መርኣያ እትእክባሉ ዝተፈለየ መገዲ ኪሕብረክን ይኽእል እዩ። ከምኡ እንተኾይኑ ነቲ ንሶም ዝህቡኽን መምርሒ ሰዓባ።

## ናይ ሸንቲ መርኣያ ምምላስ ብዝምልከት ሓበሬታ

**ነቲ መርኣያ ቀልጢፍክን ምለሳ**
ብዝተኻኣለክን መጠን ብዝቐልጠፈ ናብ ክንክን ጥዕና ወሃቢኽን ምለሳ - ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰዓታት።

**ናይ መውሰዲ ሰዓታትት ኣረጋግጹ** እቲ መርኣያ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ምእንቲ ኪበጽሕ ዝውሰደሉ ናይ መውዳእታ ሰዓት -ክንደይ ምዃኑ ሕተታ።

**ከም ዝዝሕል ግበራ**
ነቲ መርኣያ ብቕልጡፍ ኽተብጽሕዎ እንተዘይኽኢልክን፡ ኣብ ናይ ፕላስቲክ ቦርሳ ኣእትዉኦሞ ክሳዕ ትወስድኦ ኣብ ፈሪጅ ዓቅቦኦ።

**ዝመኸነ መትሓዚ ምጥቃም**
ገለ መትሓዚታት ንነዊሕ እዋን ዘጽንሕ ሕሩጭን ናይ ዓቀን መስመር ኣለዎም። ክሳብ እቲ መስመር ክትመልኣ ፈትና፡ እንተዘይክኢልክን ግን ዝተኻኣለክን ዓቐን ኣክባ።

ንዝያዳ ሓበሬታ
**ኣብዚ ስካን ግበራ**

© መሰል ሕትመት 2026. ሕታም 1፡ ዝተሓትመሉ፡ ሓምለ 2026 ደጊሙ ዝተረኣየሉ ዕለት፡ ሃምለ 2029። እዚ ሰነድ ምስ ሰብ ሞያ ክንክን ጥዕና፣ ተሓከምቲን ሞያዊ ናይ ሕክምና ኣካላት ብምትሕብባር ተዳልዩ። ታርጌት ብናይ ዩኬ ትካል ውሕስነት ጥዕና ይካየድ።